# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.241 | ሰንበት 8 ሰነ 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስግንጢራዊ ኣገልግሎት . . .



ገጽ 4
ብከላ ፕላስቲክ፡ የብቅዕ!



ገጽ 5
ኮሚሽን ምስናዕን ኣገዳስነቱን ኣብ ስውራን

ገጽ 7
ህዝቢ ሊባን፡ ጾር-ሓያሎ . . .



## ኮርፖረሽን መድሕን፡ ልዕሊ 92 ሚልዮን ናቕፋ መኽሰብ ረኺቡ



ስእሊ. ኣቤል በረከት



ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ.ማሕበር፡ ዝሓለፈ ዓመት 92.4 ሚልዮን ናቕፋ መኽሰብ ከም ዝኸሰበ፡ ብ7 ሰነ ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝተቓንዐ መበል 21 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ. ተሓቢሩ፡፡

ግዝያዊ ኣካያዲ ስራሕ ኣቶ ጳውሎስ ተኸለኣብ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ኣብ 2024 ካብ ሓፈሻዊ መሸጣ ኣገልግሎት መድሕን 324 ሚልዮን ናቕፋ ኣታዊ ክርከብ ከሎ፡ ካብቲ ዝተረኸበ 92.4 ሚልዮን ናቕፋ መኽሰብ፡ 84.2 ሚልዮን ንወነንቲ ብርኪ. ክመቓረሕ ብቦርድ ዳይረክተራት ከም ዝተኣመመ ገሊጹ፡፡

ኣቦመንበር ቦርድ ዳይረክተራት ኣቶ ጉብረብርሃን ምሕረትኣብ ብወገኑ፡ ንኣገዳስነት ህላወ ብቑዕ ሃገራዊ ናይ መድሕን ትካልን ኣኼባ ወነንቲ ብርኪን ብምጥቃስ፡ ኣብ 2024 ዋላ'ኳ ሓፈሻዊ ኣታዊታት ትካል እንተዓበየ፡ ዘጋጠመ ሓደጋታት ካብ ናይ 2023 ዝዓቢ ክሳራታት ስለዘስዓበ፡ ኣብ ቴክኒካዊ ወጻኢት ጽልዋ ከም ዝፈጠረ ኣገንዚቡ፡፡

ብጉጅለ ዝኣቶ ናይ ህይወት መድሕን፡ ኣብ እቶት ትካል ከምኡ'ውን ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ መድሕን ንምዕባይ እወታዊ ኣበርክቶ ስለዘለዎ ክድፋኣሉ ምዃኑ ዘጸረ ኣቶ ጉብረብርሃን፡ ኣብዚ. መዳይ'ዚ ብዝተኻየደ ስራሕ፡ ናይ ህይወት መድሕን ካብ ጀማላዊ እቶት ትካል 10 ሚእታዊት በጺሑ ከም ዝነበረ ሓቢሩ፡፡

ወነንቲ ብርኪ. ኣብ ዝቐረበ ጸብጻባት ድሕሪ ምዝታይ፡ ብልሚጌታት ትካል ክዕቀብ፡ ከምኡ'ውን ሰክፍታ ዝፈጥሩን ምሕደራዊ ምምሕያሻት ዝጠልቡን ሽንኻት ብዕቱብ ክስራሓሉም ተላቢዮም፡፡

ኣኼበኛታት ኣብ መወዳእታ፡ ንዝመጽእ ዓመታት እተገልግል ቦርድ ድሕሪ ምምራጽ፡ መበል 22 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ. ዝቐየደሉ ዕለትን ቦታን ወሲኖም፡፡

## ዓዲ-ኳላ - ብተበግሶ ህዝቢ ተወሳኺ ክፍልታት ተሰሪሑ

ነበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ. ዓዲ-ሽረታይን ዓዲ-ብርኩትን - ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ፡ ከምኡ'ውን ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ. ዓዲ-ዓጺዳ - ንኡስ ዞባ ማይምነ፡ ገንዘቦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ሕጽረት ቤት-ትምህርቲ ንምቕላል ብዘወሰድዎ ተበግሶ ሽውዓተ ክፍልታት ሰሪሖም፡፡

ኣመሓደርቲ'ተን ምምሕዳራት ከባቢ. ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ንመስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ብኣሉታ ክጸሉ ዝጸንሐ ሕጽረት መማሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ ዝዓለመ ኩይኑ፡ ህዝቢ. ኣብ መስርሕ ህንጻት ዝርኣዮ ተወፋይነት መጕሶም፡፡

ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ መምህር ተስፋይ ሰብሮቱ ብወገኑ፡ ሳላ'ቲ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ተመሃሮ ናይ ማእከላይ ደረጃ ትምህርቶም ንምቕጻል ነዊሕ ካብ ምጉዓዝ ድሒኖም ብቐረባ ትምህርቶም ዝከታተሉል ባይታ ተፈጢሩ ከም ዝነበረ ብምሕባር፡ እዚ. ንተሳትፎ ደቂኣንስትዮ ብ47 ሚእታዊት ከም ዘዕበዮ ሓቢሩ፡፡

ወከል ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ኣቶ ተስፋይ ኣብርሃ ብግደኡ፡ ካልኦት ከባቢታት ተመሳሳሊ. ስጉምቲ ብምውሳድ ጸገማተን ክቃልላ ተላብዩ፡፡

እዚ. ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ማይድማ - ንኡስ ዞባ ዓረዛ፡ ኣብ ህንጻ ቤት-ጽሕፈት ገምጋቕ ተዋፊሮም ንዝዮጹ ዘለዉ. ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ንምትብባዕ ብነበርቲ ዝተወደበ እንግዶት ተኻዩዱ፡፡

## ድባርዋ - ኣብ ባምብቆ ዝተሰርሐ ጽርግያ መስተርሃ ፈጢሩ

ኣብ ባምብቆ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ ዝተሰርሐ ናይ ሓመድ ጽርግያን ዲጋን፡ ኣብ ማሕበራ- ቁጠባዊ ህይወት ህዝቢ. መስተርሃ ከም ዝፈጠረ ተገሊጹ፡፡

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ከቢድ ሕጽረት ማይን ትሕተ-ቅርጺ. መጓዓዝያን ከም ዝነበሮም ብምዝካር፡ መንግስቲ ነዚ. ንምቕላል ብዝወሰዶ ስጉምቲ፡ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ዲጋ ስለዝሃነጸሎም፡ ከምኡ'ውን ንዓዶም ሰንጢቑ ዝሓልፍ ደረጃኡ ዝሓለወ ጽርግያ ደስራሕ ብምህላው፡ ዝበርም ሸግር በብመድረኹ ይቐንጠጥ ከም ዝነበረ ሓቢሮም፡፡

እታ ዲጋ፡ ደሮ ዝሓለፈ. ዓመት ብዘዘበረ ሰናይ ክረምቲ እኹል ማይ ብምሓዛ፡ ምንጪ. ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ተዋሒሱ ምህላዉ፡ ብተወሳኺ. ገሊጾም፡፡

ባምብቆ፡ ካብ ከተማ ድባርዋ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ ኣስታት 50 ኪሎ-ሜተር ርሒቓ ትርከብ፡፡


ስእሊ.-ፊልሞን ትካቦ

# ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ፡ ንተመሃሮ ኮለጅ ሓመልማሎ ኣስተምህሮ ሂቡ





ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ልብሱ ተስፋሚካኤል፡ ብ4 ሰነ ንተመሃሮ ኮለጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ኣብ ሕግን ምክልኻል ገበንን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ሂቡ።

ሕጊ ምስ ዝጥሓስ ገበናት ይበዝሕ፣ ኣብ ህይወት ሰብ ሓደጋ ይወርድ፣ ቁጠባዊ ዕንወት ይስዕብ፣ ኣብ ህዝቢ ራዕድን ሽበራን ተፈጢሩ ድማ ምዕባለ ንድሕሪት ከምዝጉተት ዝጠቐሰ ኮሎኔል ልብሱ፣ ተመሃሮ ኮሌጅ ሕርሻ ሓመልማሎ ገበን ኣብ ምክልኻል ተራኦም ክሕይል ተላቢዩ።

ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ፡ ን2024 ምስ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ዓመት ብምንጽጻር፡ ገበናት ብ24.4 ሚእታዊት ክውሰኽ ከሎ በደላት ብ15.8 ሚእታዊት ከምዝጎደለ፣ ከምኡ'ውን ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ ብ4.2 ሚእታዊት ክውሰኽ ከሎ፡ ሓደጋታት ተሽከርከርቲ ብ9.7 ማእታዊት ከምዝጎደለ ገሊጹ።

ኩቱር ናህሪ፡ መገድኻ ዘይምሓዝ፡ መምርሒ ፍቓድ ዘይምህላው፡ ርሑቕትካ ዘይምሕላው፡ ሓደገኛ ኣመራርሓ፡ ሽለልትነት፡ ጥዕና መኪናኻ ዘይምሕላው፡ ብዘይ ኣገባብ ሰብን ንብረትን ምጽዓንን ንኢጋር ቀዳምነት ዘይምሃብን ገለ ካብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ሓደጋ ተሽከርከርቲ ምዃኖም'ውን ኣብሪሁ።

ኮሎኔል ልብሱ ወሲኹ፡ ዝጠፍኤ ገንዘብን ንብረትን ናብ መደበራት ፖሊስ ምርካብ ኣብ ዜጋታት እናሰረጸ ብምምጽኡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዞባ ዓንሰባ ልዕሊ 439 ሽሕ ናቕፋ ዝግመት ንብረትን ገንዘብን ንፖሊስ ከምእተረኸበ ሓቢሩ።

ዲን ኮለጅ ሓመልማሎ ፕሮፌሰር ወልደኣምላኽ ኣርኣያ ብወገኑ፡ ተመሃሮ ኮለጅ ኣብ ሕግን ገበናትን ዘጋንሖም ኣፍልጦን ንቕሓትን ንምብራኽ ዝሕግዙ ሰሚናራት ኣገዳሲ ስለዝኾኑ ክድፋኣሉ፣ ተመሃሮ ድማ ንዘቕስምዎ ትምህርቲ ኣብ ባይታ ክጥቀሙሉ ተላቢዩ።

ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ኣብ 7 መደበራትን 6 ኬላታትን ተዘርጊሑ ኣገልግሎት ይህብ ከምዘሎ ይፍለጥ።

# ሕብረተሰብ፡ ኣብ ዝዕድጎም ሃለኽቲ ጥንቃቐ ክዘውትር ጸውዒት ቀሪቡ

ሕብረተሰብ ኣብ ትሕዝቶን ዓይነትን ዘዘውትሮም መግብታት፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝዕድጎም ሃለኽቲ ነገራት ዓቢ ኣቓልቦ ክገብር፡ ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ኳላ ዶ/ር ሮቤል ተኸለኣብ ጸዊዑ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት 30 ሚእታዊት ካብ ህዝበን ምስ መግቢ ብዝተኣሳሰር ሕማማት ዝተቓልዑ፣ ዓመታዊ ድማ ኣሽሓት ካብኣቶም ከምዝሞቱ ዝጠቐሰ ዶ/ር ሮቤል፡ ኣብ ዘይማዕበላን ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባን ሃገራት እቲ ኩነታት ዝኸፍአ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ገደብ ናይ ተጠቃምነት ዕለት፡ ኣብ መግብን መስተን ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ መመላኽዒ ክሬማት፡ መጸጸዪ ኣቑሑትን ግዝኣ ናውቲ ሕክምናን መድሃኒትን ካልእን'ውን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ዜጋታት ኣብ ተጠቃምነት ዕለት ናይ ዝገዝእዎ ሃለኽቲ ዕቱብ ክኾኑ፣ ወሃብቲ ትካላት ድማ ሳዕቤናቱ ብግቡእ ተረዲኦም ክሕልዉ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላት ንዝተኻየደ ስሩዕን ሃንደበታውን ቁጽጽር ልዑል ኣገዳስነት ከምዘለዎ ዝጠቐሰ ዶ/ር ሮቤል፡ ኣብ ግዜ ቁጽጽር - ሞያውያን ኣብ ናይ ተጠቃምነት ዕለት፡ ሕብሪ፡ ሽታ፡ ከምኡ'ውን ዘይንቡር ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው ንጥፈታቶም ከምዝካየዱ ሓቢሩ።

ዶ/ር ሮቤል ኣብ መወዳእታ፡ "ካብ ሓሚምካ ሕክምና ተኸናኺንካ ጥዕና" ስለዝምረጽ፡ ህዝቢ ካብ ዕሹግ ዓይነታት መግቢ ተቖጠቢ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝፈሪ ብምዝውታር ጥዕንኡ ክሕሉ ኣተሓሳሲቡ።

# ማይምነ - መምህራን ኣስተምህሮ ሞያዊ ስነ-ምግባር ቀሲሞም

ጨንፈር ማሕበር መምህራን ኤርትራ ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሞያዊ ስነምግባር መምህራንን ኣሰራርሓ ማሕበርን ዘተኮረ ኣስተምህሮ ኣብ ማይምነ ወዲቡ።

ኣብ'ቲ ካብ ኩለን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተወከሉ መምህራን፡ ሱፐርቫይዘራትን ርእሰ-መምህራንን ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ማሕበር መምህራን - መምህር ሳምሶም ነጋሽ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ'ቲ ኣስተምህሮ ተራ መምህራን ኣብ ማሰርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ንምብራኽን ምስ ንጥፈታት ማሕበር ንምልላይን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ መምህራን ተውዳዳሪ ብቕዓት ዘለዎም ተመሃሮ ንምፍራይ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላብዩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ምክትታል ወሁድ ትምህርቲ - መምህር ፋኑስ ኣስገዶም ብወገኑ፡ መምህራን ንማሕበራ-ቁጠባዊ ኩነታት ተመሃሮ ብግቡእ ተገንዚቦም፡ ዝዀብርዎ ሞያዊ ሓገዝ ክገብሩ ጸዊዑ።

ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ኣቶ ሰለሙን ነጋርያም ብወገኑ፡ መምህራን ኩነታት ጥዕና ተመሃሮ ብግቡእ ክከታተሉን ብኣስተውዕሎ ክሰርሑን፣ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ዘለዎም ተመሃሮ ብዝጸሎ ኩሉ ሽለልትነት ከይህሰዩ ድማ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ስልጠና ኣብ ሂወቶምን ስርሖምን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ተመሳሳሊ ኣስተምህሮ ብቐጻሊ ክውደብ ተላብዮም።

# ከረን - ተሳታፍ ህዝቢ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ተመጕሱ

ተሳትፎ ህዝቢ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ብሓፈሻ፣ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ከኣ ብፍላይ ዝምስገን ምዃኑ፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ኣቶ ረዘነ ኣርኣያ ገሊጹ።

ኣብ ኅቦታት ፎርቶ፡ ኢትዓብርን ጥንቁልሓሰን ዝተኻየደ ወፈራታት ምስራሕ ዛላን ኩትርን ምግራብን መርኣያ ሓያል ተሳትፎን ውዳቤታትን ህዝቢ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ'ውን ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ኣረጋጊጹ።

ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምምላእ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት ንዝተሰላሰለ መደባት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣቶ ረዘነ፡ ኣብ መዳይ ትምህርቲ፡ ጥዕናን መጓዓዝያን ዝተመዝገበ ገስጋስ፡ ኣፍደይታ ፈጢሩ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ጽሬት ከተማ ንምሕላው'ውን ብዙሕ ዝመርሓ ወፈራታትን ብናይ ጽሬት ሰራሕተኛታትን ኣድማዊ ንጥፈታት ይዕመም ምህላዉ ብምጥቃስ፡ ብኣስታት ሰለስተ ሚልዮን ናቕፋ ዝተጸገነ መስመር



ረሳሕ ፈሳሲ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ኣፍሊጡ።

"ሕጽረት ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምፍዋስ፡ ካብ'ቲ ቀንዲ ኣተኩሮ ዝግበረሉ ዘሎ'ዩ" ዝበለ ኣቶ ረዘነ፡ ኣብ ባምባ፡ ሓሸላን ሸሸርማን ናይ ማይ ንቑጣታት ከምእተዋደደ፣ ህዝቢ ድማ ብቐረባ ተጠቃሚ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኩይኑ ምህላዉ ብምሕባር፡ ኣብ ጠንን ካልኦት ዓድታት ዘሎ ሕጽረት ንምፍዋስ፡ ዲጋ ንምስራሕ እቲ መደብ ተበጊሱ ምህላዉ ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ረዘነ ጽሬት ከተማ ንምሕላው ዘሎ ብደሆታት ንምፍታሕ'ውን መደብ ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ብደረጃ ንኡስ ዞባ ዝቖመት ከተማ ከረን፡ 8 ምምሕዳራት ከባቢ፡ 49 ዞናትን 27 ዓድታትን ዝሓቖፈት ኰይና፡ ኣስታት 90 ሽሕ ህዝቢ ይነብራ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጾ. 1284

# መዘናግዒ

ማርታ ክብሮም

## ስግንጢራዊ ኣገልግሎት ዝህባ ካፈታት

1. ቫምፓየር ካፈ - ጃፓን፦ ኣብዘ ካፈ ዘሎ ትሕተ ቅርጻን ኣሰራርዓን ካብታ ብዝዕባ ቫምፓየር ትገልጽ ኣኒ ራይስ (Anne Rice book) ዘርእስታ መጽሓፍ ዝተወሰደ እዩ ዝመስል። ኣሳሰይኡ ከም ናይ ቫምፓየር ኣኩዳድና ለበሶም እዮም ኣገልግሎት ዝህቡ። ዋናታት ናይ'ቲ ትካል፡ ብቅርጺ ሳንዱቕ ሬሳ ኣብ ዝተሰርሐ ንእሽቶ ብያትታት ገይሮም እዮም ንምግቢሎም ኣገልግሎት ዝህቡ።

2. ባርቢ ካፈ- ታይዋን፦ ኩሉ ኣብዚ ካፈ ዘሎ ነገራት ርዛ ሕብሪን ቅርጺ ባርቢ ሰኣን ዘለዎ እዩ። ሰድያታት፡ ጣውላታትን መናድቓን ናይዚ ገዛ ብኮምቡላታት ዘሰሰባ ብምፍራኑ ኣብ ሓደ መውዓሊ ህጻናት ዝኣተኻ እምበር ኣብ ካፈ ዝኣተኻ ኮይኑ ኣይስምዓካን እዩ።

3. ክሪዚ ቶይለት ካፈ - ሩስያ፦ ኣብ ካፈ ክሪዚ ቶይለት ዘሎ ትሕተ ቅርጺ ንገለ ዓማዊል ከም ኣጺያዊ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ምኽንያቱ መናብርን መቐረቢ ብያትታትን ሽቓቑታትን ብቕርጺ ባኖ ናይ ዓይኒ ምድሪ ዝተሰርሑ እዮም። መናድቓውን ብስእልታት ኣብ ውሽጢ ናይ ዓይኒ ምድሪ ዝርከቡ ነገራት ዝወቀበ እዩ።

4. ዘ ሰናጅሪ ካፈ - ነው ዮርክ (ኣመሪካ)፦ ቀንዲ ዓማዊል ናይዚ ትካል መጻምድቲ ኮይኖም፡ ቅድሚ ዝደልይዎ መግቢ ምጥዋም ኣብቲ ዝተቐረበሎም ሶፋ ሳሎን ኮይኖም ንፍርቂ ሰዓት ቀም ክብሉ ይፍቀደሎም።

5. ሰርያል ኪለር ካፈ - ዓዲ እንግሊዝ፦ ኣብዚ ካፈ ብጆካ ካብ ኣእካል ከም ሰርናይን ሰገምን ዝተሰርሑ መግብታት ምስ ጸባ ካልእ ኣይቀርብን እዩም። 120 ካብ ኣእካል ዝተሰርሑ መግብታት ምስ 30 ዝተፈላለዩ ካብ ጸባ ዝተሰርሑ ዓይነታት ማስተ ደማ ይቐርቡ።

6. ዘ ላውንድሮማት ካፈ - ኮፐንሃገን፦ እዚ ብሓደ ወገኑ ካፈ ክኸውን ከሎ በቲ ሓደ ወገን ደማ መሕጸቢ ክዳውንቲ ዝሾጥ ማሽናት ኣለውዎ። ስለዚ ክሳብ ክዳውንትኻ ተሓጺቦ ዝወጽእ ኮፍ ኢልካ ዝሰተ ኣዚዝካ ኣገልግሎት ክትረክብ ትኽእል። ኣብዚ ካፈ ልዕሊ 40 ዓይነታት ማስተ ኣለው።



## ካብ ጸገረምቲ ታሪኻውያን ፍጻመታት

1. ዛንታ ቨስና ቩሎቪክ መሳጢ ዛንታ ካብ ምኻን ሓሊፉ ትእምርታዊ ዛንታ'ውን እዩ። ቨስና ኣብ 1972 ኣብ ኣፉራት ሰርቢያ ጆት ተቐጺጸራት በረራ እያ ነይራ። እንተ ኾነ እታ ኣፉራት ኣብ በረራ ኣብ ኣየር ከሎ ኣብኣ ተጻዊዱ ዝጸንሐ ቦምባ ብምፍንጃሩ፡ ካብቲ ዝበረቶ 33 ሽሕ ብራኽ ጫማ (ከባቢ 10 ኪሎ ሜተር) ተሓምሺሻ ናብ መሬት ወደቐት። ቨስና ግና ብዘይ ፓራሹት ናብ መሬት ወዲቓ ክሳ ከመይ ኢላ ብህይወት ክትሰርር ክኢላ? ወላኳ ኣብ ርእሳን እግራን መጉዳእቲ ኣጋጢምዋ ንግዚኡ'ውን ሃለዋታ እንተ ኣጥፍኣት፡ ደሓር ግን ብህይወት ጸኒሓስ ኣብ መዝገብ ጊነስ ክብረወሰን ክትሰፍር ክኣለት። ዛንታ ቨስና ኣብ ትካል በረራ ዓለም ክሳብ ሎሚ ግድሉ ዘይተፈትሐ ታሪኻዊ ፍጻመ ኮይኑ ተሰኒዱ ኣሎ።

2. ሎተሪ ተዓዊትካ ብኣቋራጭ ክትህብትም ሕልሚ ናይ ብዙሓት ሰባት እዩ። ኣብ 2014 ሓደ ንግሆ ኣብ ቨርጂንያ ዝነብሩ ዝነበሩ ቻልቪን ስፐንሰርን ዛቴራን ዝተባህሉ መጻምድቲ፡ ኣብ ሓደ መዓልቲ ሓንሳብ ዘይኮነ ክልተ ግዜ እዮም ሎተሪ ተዓዊቶም። ንሶም ሓደ ንግሆ ትኬት ናይ ሎተሪ ምስ ሓኸኹ፡ ሓደ ሚልዮን ዶላር ክዕወቱ ከኣሉ። በዚ ስለ ዘይዓገቡ ግና ተመሊሶም ድሕሪ ገለ ሰዓታት ካልኣይ ሎተሪ ምስ ሓኸኹ'ውን ሓደ ሚልዮን ዶላር እዮም ተዓዊቶም። እቶም ዕድለኛታት ሰብ ሓዳር ሕጂ'ውን ሓደ ወርሒ ጸኒሖም ሎተሪ ምስ ሓኸኹ 50 ሽሕ ዶላር ክዕወቱ ክኢሎም እዮም።




3. ኣብ 2007 ኣብ ኮሎራዶ ከምበርሊ ዊመር ዝተባህለት ጓል 13 ኣዋርሕ ህጻን ክልተ ግዜ ብበርቂ ተሃሪማ ክሳ ብህይወት ክትሰርር ዝኸኣለት ተኣምራተኛ ህጻን እያ። ንሳ ኣብ መጀመርታ ብበርቂ ክትህረም ከላ ኣብ ሕቖፎ ኣደኣ እያ ነይራ። ንእሽተይ መጉዳእቲ ኣጋጢምዋ ጥራይ ደማ ብህይወት ድሒና። ድሕሪ ገለ ዓመታት ኣብ ኣፍ ደገ ገዛኣ እናተጻወተት፡ ሕጂ'ውን ብበርቂ ተሃሪማ ክሳ ብህይወት ክትድሕን ዝኸኣለት ህጻን እያ።

4. ኣብ 2011፡ ፋጊልዩ ሙኻሃመትዚያኖቫ ዝተባህለት ጓል 49 ዓመት ሩሲያዊት ኣደ ብሰንኪ ዘጋጠማ ወቕዒ ልቢ፡ ልባ ካብ ስርሓ ደው ድሕሪ ምባሉ ከም ዝሞተት ብሕክምና ተረጋገጸ። ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሪ ዝተረኽቡ ኣባላት ስድራ ቤታን ፈተውታን ኣብ ልዕሊ ሳንዱቕ ሬሳኣ ኮይኖም ኣምላኽ ኣብ ገነቱ ክቕበላ ጸሊዮም ኣብ ዘዕርጉሉ ዝነበሩ፡ ፋጊልዩ ናብ ህይወት ብምምላሳ ኣብ ውሽጢ ሳንዱቕ ኮይና ክትወጫጭጭ ጀመረት። ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ሰባት ገሊኦም ብፍርሕን ሰንባደን ሃዲሞም ክኸዱ ከለው፡ ገለ ደማ ነቲ ክውን ነገር ንምርኣይ ብሰንባደ ኣብቲ ቦታ ተዓጊዶም ነበሩ። ድሕሪዚ ግና ንዊሕ ዓመታት ብህይወት ክትጸንሕ ክኢላ እያ።

5. ኣብ 2012 ክልተ ኣርጀንቲናውያን መጻምድቲ ብጽርግያ ነዊሕ ጉዕዞ ይጉዓዙ ነበሩ። ኣብ መገዲ ግና ሰብኣይ ኑዳዲ ክመልእ ካብ መኪናኡ ክወርድ ከሎ ሰበይቱ ከኣ ክትሸይን ናብ ዓይኒ ምድሪ ናይቲ ትካል ከደት። እንተ ኾነ ሰብኣይ ኑዳዲ ምስ መልአ፡ ሰበይቲ ምስኡ ከም ዝነበረት ፈጺሙ ስለዘይሰዓበ ገዲፋዋ ተዓዝረ። ሰበይቱ ኩሉ ንብረታ ከም ሞባይላን ካልእን ኣብታ መኪና ስለ ዝነበረ ሓገዝ እንተረኸበት ብምባል ንከባቢ 15 ኪሎ ሜተር ኣብቲ በረኻ ብእግራ ተጓዕዘት። እንተ ሰብኣያ ንከባቢ 160 ኪሎ ሜትር ምስ ተጓዕዘ እዩ ጌጋኡ ተረዲኡዎ። እቲ ፍጻመ ኣቓልቦ ብዙሓት ብምስሓቡ ሰብኣያ ኣብ ቅድሚ ብዙሕ ሰብ ይቕረታ ክሓታ ተገዲዱ እዩ።

## ባህርያትና ንፈልጦ ዶ?

ባህርያት፡ መግለጽን መለለዩን ናይ ሓደ ሰብ'ዩ። ከምቲ ሕብሪ ገጽና በበይኑ ዝኾነ ባህርያትና ከኣ ዝተፈላለየ እዩ። ገሊኡ ምስ ሰብ ደሳዩ ክዛረብ ወዓሊ በጥ ኢሉ ደቂሱ ዝሓድር ኣሎ። ገለ ከኣ ሓደትን ብጥንቃቐን ተዛሪቡ፡ "ንምንታይ ከምዚ በልኩ!" እናበለ ክጠዓሱ ድቃስ ስኢኑ ዝሓድር ኣሎ። ገለ ዓው-ዓውን ጸወታን ደስ ዝብሎ፡ ገለ ከኣ ብሕቶት ኢሉ ወይ ምስ ሓደት ሰባት፡ ህድእ ኢልካ ምዕላል ዝፈቱ ኣሎ። ገለ ብቐልጢፉ ዝወሰን፡ ገለ ካልእ ከኣ፡ ምዕባይን ምንኣስን ናይ'ቲ ጉዳይ ብዘየገድስ፡ ንኻልኦት ከየማኸረ ክውሰን ዘይክእል ኣሎ።

ብዛዕባ ባህርያት ደቂሱ ዘጽንዑ ተመራመርቲ፡ ንባህርያትና ኣብዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ክፍልታት መቒሎምዎ ኣለው፦

1. ዓብላሊ፦ መራሒ፡ ዝውሰንን ዝነብሮን ስልጣን ዝፈቱ፡ ናጻ ኮይኑ ደላዩ ዝዛረብ፡ ሾግር ዝፈትሕ፡ ንዕላማኡ ቀራጽ፡ ከይጸልኣኒ ዘይብል፡ ምዕዋቱ ዘገድሶን ንዝኣመሉ ነገር ማስዋእቲ ዝኸፍልን ዓይነት ሰብ'ዩ። ባህርያት ዓብላሊ ሰብ ጸቢቑ እኳ እንተ ኾነ ካብ መሓይሽ ዘለዎ ባህርያት ግና፡ ንኹሉ ከይዕብልል፡ ጸገ ኢሉ ክሰምዕን ኣብ ዘይግዝኡ ንዘኾነ ደማ ህድእ ኢሉ ክጸበን ይግባእ።

2. ማራኺ፦ ብብዙሓት ዝፍቶ፡ መስሓቕ፡ ዘበራትዕ ጸወታን ዕላልን ዝፈቱ፡ ብዙሓት ፈተውቲ ዘለውዎ፡ ክጽላእ ዘይደሊ፡ ሾግር ሰብ ዝኸፍል፡ ስምዒቱ ዝፈልጥን ብዙሕ ዝዛረብን እዩ። ማራኺ ሰብ ጸቢቑ ባህርያት እኳ እንተዛለዎ ንኹሉ ሰብ ምሕጓስ ከም ዘይከኣል ክርዳእ፡ ሰባት ዝነግሩዎ ምስጢራት ከይጭዋቐን ጉዳይ ርእሱን ቤተሰቡን ከይወጽዕን ክጥንቀቕ ኣለዎ።



3. ቅወምቲ፦ ቅወም ዝበሃል ሰብ ኣካይዳኡ ፍሉጥ፡ ብኹነታትን ግዜን ዘይልወጥ፡ ዝሓሰቦ ዝገብር፡ ዓቃል፡ ርኡዩ ዘይብሉ፡ ስምዒቱ ዘይገልጽ፡ ህዱእን እሙንን ሰብ'ዩ። ባህርያት ቅወም ንኻልኦት ሰባት ኣርኣያ ክኸውን ዝኽእል እኳ እንተ ኾነ ሓደ ሓደ ለውጢ ጸቢቑ ምኻኑ ተረዲኡ ንለውጢ ክበጽሕ ካብቲ ዝለመዶ ፍልይ ዝበለ ነገር ክቕበልን ስምዒቱ ምግላጽ ክኽእልን ዝበለጸ'ዩ።

4. ጥንቁቕ - ንዝኾነ ነገር ከየረጋገጸ ዘይገብርን ዘይዛረብን ሰብ ጥንቁቕ ሰብ ይበሃል። ብዙሶኺ ኪጋገ ዘይደሊ፡ ንብዩ ዝሰርሕ፡ መምርሒ ዘኽብር፡ ብሕግን ስርዓትን ዝኸይድ፡ ጽፉፍ ዝሰርሑን ምውሳን ዝኸብዶን ዓይነት ሰብ እዩ።

ሶዶኩ ቁ.2

| | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 7 | 2 | 1 | 6 | 4 | 5 | 3 | 8 | 9 |
| 8 | 6 | 9 | 2 | 1 | 3 | 7 | 4 | 5 |
| 4 | 5 | 3 | 8 | 7 | 9 | 6 | 1 | 2 |
| 2 | 8 | 4 | 1 | 3 | 7 | 9 | 5 | 6 |
| 1 | 3 | 5 | 9 | 2 | 6 | 8 | 7 | 4 |
| 9 | 7 | 6 | 5 | 8 | 4 | 1 | 2 | 3 |
| 6 | 4 | 8 | 7 | 9 | 2 | 5 | 3 | 1 |
| 5 | 1 | 2 | 3 | 6 | 8 | 4 | 9 | 7 |
| 3 | 9 | 7 | 4 | 5 | 1 | 2 | 6 | 8 |

ኣዳላዊ፡ ሰሎሙን ተኽለማርያም (ራጁ)

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

ሎሚ ንዘየደድ ማራቶን ኣስመራ ፡ ካብ ሰዓት 07:30 ንግሆ ጀሚሩ፡ ብኣገልግሎት ተለቪዥን ኤርትራን፡ ብድምጺ ሓፋሽ ኤርትራ ፡ ብቐጥታ ክመሓላለፍ ምኻኑ ንሕብር።

| | |
|---|---|
| 13:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ) |
| 13:40 | ቀስተ ደሕኑት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 17:30 | ፊልም ፈንቅል |
| 18:05 | መደብ ዋልታ |
| 18:45 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:00 | ጥዑይ ጠዐ ኣብ ዕዳጋ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | ዕላል ጥበበት |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሌላ ምስ ህይወት ኣቦሻወል |
| 14:05 | ህዝባዊ በዓል ዒድ ኣልኣሓድሓ ምስ ንኡስ ዞባ ኣቦሻወል |
| 16:10 | መደብ ጋዕድ 1ይ |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:18 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ደረት ቃና |
| 19:00 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |





# ብከላ ፕላስቲክ ንኹብቅዕ

ኣማን ተዛረ
ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባቢን
(ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

ወድሰብን ኣከባቢኡ፡ ብስሪ ምስ ኣከባቢ ዘለዎ ምትእስሳር ተጸላሎ እዩ። ዝኾነ ክብሪ ዝተገብረ ምንቅስቃሳት ተቐባልነት ዘለዎ ውህደት፡ ብዝኾነ ሰብ ዝተገብረ ዘይኮነ፡ ጥዕና ሰብን ኣከባቢን ጉድኣት ዘውርዱ ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ። ገለ ካብኣቶም፡ ጽሕጊ፡ ዓረርን ፕላስቲክን እዮም። እዚ ድሮ ብዙሕ ጉድኣት ኣከባብያዊ ዝዓብየ ጽልዋ ብዘለዎ፡ ግን ብዓቢኡ ሰብ ዘተኮረ ዝዝውትር ጸገማት ፕላስቲክ እዩ።







ወድሰብን ኣከባቢኡ፡ ብስሪ ምስ ኣከባቢ ዝኾነሎም ውህደትን ከምኡ ድማ ሓያስቲ ፍርያት ደቂ ሰባት፡ ኣብ ጥዕና ሰብን ኣከባቢን ጉድኣት ዘውርዱ ሓደገኛታት ክሞኑ ኣብ ከቢድ ስግኣት ወዲቖም ይርከቡ። ገለ ካብኣቶም፡ ጽሕጊ፡ ዓረርን ፕላስቲክን እዮም። እዚ ይኹን እምበር ክሳብ ሎሚ እቲ ዝበኣሰ ኣከባብያውን ጥዕናኣውን ጉድኣት ዘውርድ ዘሎ ግን ብደቂ ሰብ ዝተማህዘ ጥረ-ነገር ፕላስቲክ እዩ።

በዚ ምኽንያት እምበር፡ ኣከባብያውን ጥዕናውን ጉድኣት ፕላስቲክ፡ ኣብ ክልተ ረቛሒታት መቐልኦ ክርአ ይከኣል። እቲ ሓደ ብተፈጥሮ ክምሽምሽ ዘይክእል ብምዃኑ እዩ። እቲ ኻልኣይ ረቛሒ ከኣ፡ ኣብኡ ዝርከቡ በኪልቲ ባእታታት ብዓይነት ክረኣዩ ዘይክእሉ ምኳናም እዩ። ብዘወሳኺ፡ ፕላስቲክ ኣብ ምድሪ፡ ማይን ኣየርን ዘለዎ መጠን ዝርግሐ እቲ ካልእ ንተጓዳእነቱ ዘበእሶ ረቛሒ'ዩ።

ፕላስቲክ፡ ዓለማዊ ዋዒ ብምውሳኽ ኮነ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ምብኣስ ዘለዓለ እጃም ኣለዎ። 3.5 ሚእታዊት ካብ ጋዝ ሓምላይ ገዛ እውን እንተኾነ፡ ቀጥታዊ ወጽኢት ፕላስቲክ እዮም። ክሳብ ሕጂ ከኣ ኣብ ዓለም ካብ ዝፈረ ዘሎ ፕላስቲክ፡ 10 ሚእታዊት ጥራይ እዩ ዳግመ ምምስራሕ ተገይሩሉ ኣብ መዓላ ክውዕል ክኢሉ ዘሎ። እቲ ዝተረፈ 90 ሚእታዊት ግን ምንጪ ኣከባብያዊ ብከላ ብሓፈሻ፡ ካብኡ ናብኡ ብከላ ባሕሪ ከኣ ብፍላይ ኣኸቲሉ ይርከብ።

ፕላስቲክ ሓደ ካብቶም ገና ክህልዎ ዘኽእል ጥዕናኣዊ ጉድኣት ብዋዕላ ዘይተጸንዓሉ ባእታ እዩ። ፕላስቲክ ኣብ ከስዐ እንስሳታት ባሕርን ምድርን ስለ ዝርከብ፡ ደቂ ሰብ እንስሳታትን ወጽኢተን ኣብ ዝምገቡሉ ግዜ ድማ፡ ብቐሊሉ ክብከል ይኽእል። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ዘስተንፍሶ ኣየር፡ ብፕላስቲክ ዝተዓሸገ ማይን መግብን ምስታይን ምብላዕን እዚ እውን ካብ ብከላ ፕላስቲክ ከምልጥ ዘኽእል ኣይኮነን። ዝ ምርኩስ ዝገበረ መጽናዕቲታት ከም ዘረጋግጽዎ ክሳብ ሎሚ፡ ኣብ ከስዐ ደም፡ ዕትብቲ ማህጸን፡ ጸቡጡብ ኣዴ፡ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይን ባእታታት ፕላስቲክ ምርካቦም ተረጋጊጹ ኣሎ። ብሕልፊ ከኣ፡ ብፕላስቲክ ዝተበከለ ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ናይ ምፍራይ ዓቕሙ ከም ዘናኽሞን ንኣካላዊ ዕብየት ኣገደስቲ ዝኾኑ ሆርሞናት እውን ከም ዘዘናብል ኣብዚ ዓውዲ ኣተኩሮም ዝተኻየዱ መጽናዕቲ የጽንዑ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ዝበኣሰ ኣከባብያውን ጥዕናውን ጉድኣት ፕላስቲክ ዝበዝሕ ግዜ፡ እቲ ኣብ ግዜ ምቅጻል ዝፍጠር ወይ ዝኸሰት ብከላ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ፕላስቲክ ክሳብ 100 ሽሕ ዝጸሓፉ ከምዝኾኑት ኣለው። ስለዚ፡ ምቅጻል ፕላስቲክ እምበር፡ እዞም ከምዝኾኑት ናብ ክሊ-ኣየር ይጸንብሩ'ሞ፡ ዳግማይ ብዝናብ ኣቢሎም ናብ ማይን ሓመድን ይሕወሱ። ብወጽኢቱ ኸኣ፡ ፍርያምነት ሓመድ ይንክዩ፣ ብኡ መንጸር ምህርቲ ኣዝርእትን ኣትክልትን ድማ ይጉድል። ብዘይካ'ዚ ኣብ ጥዕና ደቂሰብ ቀሊል ዘይኮነ ጉድኣት ይስዕብ። ሓደ ካብኡ ከኣ ንዝተፈላለዩ ዓይነታት ካንሰር ከምዝቃላዕ ይገብር።

ብከላ ፕላስቲክ ብኸመይ የብቅዕ?

ብከላ ፕላስቲክ ብኸመይ የብቅዕ ዝብል ሕቶ ቅድሚ ምልዓልና፡ ብከላ ፕላስቲክ ዝኸስተሉ ተርእዮታት ምልላይ የድሊ። ብከላ ፕላስቲክ ኣብ ግዜ ተጠቃምነትን ምጉሓፍን እዩ ዝፍጠር። ኣብ ግዜ ተጠቃምነት እዚ ጥረ-ነገር እዚ ብስሪ ፍሕፍሐ፡ ምቅያር ከነታት ኣየርን ጨረርታ ጸሓይን ብዓይንኻ ክርአዩ ዘይክኣሉ ፕላስቲክ ረገፍም ናብ ኣከባቢ ይጸንብሩ ኣለው። ንኣብነት፡ ኣብ መትሓዚ ሓንቲ ሊትሮ ማይ ዝመልኣት ፕላስቲክ ማይ፡ ሰለስተ ሚእቲ ሽሕ ዝኾኑ ደቀቕቲ ፕላስቲክ ካብቲ መትሓዚ ረገፍም ናብቲ ማይ ይጸንብሩ። ብወጽኢቱ ድማ፡ ሰሙናዊ ደቂ ሰብ ካብ ኣየር፡ ብምስትንፋስን ማይ ብምስታይን ክንዲ ሓንቲ ካርድ ሞባይል ዝኸውን ፕላስቲክ የህልኹ። እዚ ብከላዊ ክስተት'ዚ ብኸፊሉ ክውገድ ዝኽእል ድማ፡ ጸንዓት ፕላስቲክ ብምፍራይ ጥራይ እዩ።

ኣብ ግዜ ምጉሓፍ፡ ፕላስቲክ ብባህሪ ተበላሲዑ ናብ ደቀቕቲ ፕላስቲክ ብምቕያር፡ ካብ ባይታ ተላዒሉ ንመዋእሉ ኣብ ኣየርን ባሕርን ስለ ዘንሳፍፍ ብከላ ክሊ-ኣየር የኸትል። መጽናዕትታት ከምዝሕብርዎ፡ ክሳብ'ዚ እዋን'ዚ መጠን ዝተጓሕፈ ፕላስቲክ ኣስታት 7 ቢልዮን ቶን ይበጽሕ። መዓልታዊ ኣስታት ክልተ ሽሕ ጽዕነት መካይን ጉሓፍ ፕላስቲክ ናብ ባሕሪ ይጉሓፉ ማለት እዩ። እዚ ክስተት፡ ብኸመይ ደው ክብል ይኽእል? ሕቶ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም እዩ። ስለዚ ዝ ሕቶ ንምምላስ ኣብዚ ብከላ ፕላስቲክ ዝዋጉኡ እንኮ መፍትሒታት ክኾኑ ዝኽእሉ፡ እንተድኣ ካብ ምፍራዩ ዓዲ ምውዓል እቲ ቀዳማይ ረቛሒ እዩ። እዚ ካብ ዘይከውን ከምኡ ኣብ ምጉሓፉ ቁጡብ ሚላ ምጥቃም የድሊ።

ካልእ፡ ክስተታት ብከላ ፕላስቲክ ብኸፊል ኮነ ምሉእ ብምሉእ ክውገዱ ካብ ዘኽእሉ ሜላታት ሓደ፡ ምፍራይ ብቐሊሉ ዝምሽምሽ ዓይነት ፕላስቲክ እዩ። እንተኾነ፡ ዝምሽምሽ ፕላስቲክ እውን ምስ ተጓሕፈ፡ ብባክተርያ ናብ ካርቦን ዳይኦክሳይድን መተይን እውን ስለዝቕየር፡ ዓለማዊ ዋዕን ክሊማዊ ለውጢን ኣብ ምብኣስ ግደ ካብ ዘለዎም ክስተታት ሓደ ምዃኑ ኣይተረፈን። በዚ ኮይኑ በቲ፡ ብከላ ፕላስቲክ ንምዝሓኡ ከብቅዕ ዘይክእል ክስተት ኰይኑ ይቐጽል ኣሎ። ስለዚ ብከላ ፕላስቲክ ምሉእ ብምሉእ ዘብቅዓሉ ግዜ ክሳብ ዝመጽእ ድማ፡ ብከላኡ ንምንካይ ሕብረተሰብ ነዞም ዝስዕቡ ስጉምቲታት ክወስድ ይግባእ።

1. ብከላ ፕላስቲክ ዘለዎም ዓይነታት ፕላስቲክ ምውጋድ። እዞም ዓይነታት ፕላስቲክ እቶም ንሓጺር ግዜ ኣብ ኣገልግሎት ዝውዕሉ ኮይኖም፡ ከም ብዓል ፊስታል ዝኣመሰሉ ዘጠቓልሉ እዮም። ስለዚ ዝኣም ምጥቃም ምውጋድ የድሊ። ኣብ ክንድኡ ንኣከባቢናን ጥዕና ደቂ ሰብን ኣሉታዊ ጽልዋ ዘይገብር ዝወሓሐ ኣገልግሎት ዘለዎ ንብረት ምጥቃም ከኣ እቲ ዝሓሸ ኣማራጺ እዩ።

2. ፕላስቲክ ምፍራይ ካብ ወጽኢት ሓደ ፍርያት ናብ ካልእ ወጽኢት ምቕያር። ንኣብነት፡ ዝተጓሕፈ ፕላስቲክ ኣብ ናይ ስራሕ መዓላ ምውዓል።

3. ብቐጻሊ፡ ኮማዊ ጽሬት ምክያድ፡ ፕላስቲክ ካብ ካልኦት ጉሓፋት ተፈልዩ ናብ ዘመስርሓ ትካላት ከምዝበጽሕ ምግባር።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Senior Maintenance Supervisor – Floatation
Number required – (01)
Type of contract – Definite For 2years

Major Duties and responsibilities

- Assist the Maintenance Superintendent to recruit, train and mentor a Maintenance team who will deliver quality maintenance services to the fixed plant. In doing so, ensuring KPI's that facilitate sustained and productive operations are delivered.
- The role will organize day-to-day workshops and maintenance activities. Furthermore, the incumbent will oversee and inspect maintenance works to ensure safe and effective repair and servicing fixed plant equipment.
- This person will report to the Process Plant Maintenance Supt. and assist with various administrative and management functions.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

- Planning, prioritizing, assigning, supervising, reviewing, and participating in all tasks related to maintenance.
- Responsibly handling emergency situations or after-hours calls for repair and maintenance
- Taking part in developing maintenance policies and standards for the organization
- Coordinating training sessions in maintenance, safety procedures, and methods
- Planning daily tasks and delegating them to Maintenance Technicians and other professionals
- Routinely inspecting various elements of the mechanical circuit.
- Keep in check and regulate budget and track maintenance expenditures.
- Regularly check and inspect the material and tools inventory and place orders when needed.
- Ensure compliance with quality, health and safety rules, guidelines, and regulations.
- Develop and maintain a planning and scheduling routine and preventive maintenance of equipment, prioritizing and estimating work and technical assistance when developing job plans.
- Manage, motivate, develop, and provide direct leadership to maintenance staff.
- Perform periodic inspections of recently maintained equipment to observe the quality of the maintenance performed and the operating condition of the equipment.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Trade Qualifications as a Fitter & Turner Mechanic or equivalent

Working Experience – Nature & Length

- 5 years' experience as a Senior Process Plant Maintenance Supervisor
- Familiarity with relevant health and safety standards and regulations.
- In-depth knowledge of different Fixed Plant Equipment i.e. Crusher, Mills, Conveyor belt, Pumps etc.
- Ability to co-ordinate shift crews and effectively manage shifts
- Complies with all HS&E policies, procedures and instructions. Experience working in Africa

Technical Skills

- Experience in Slurry Pumps, Crusher, Mills, Conveyor belt and Floatation Cells
- Train and develop local staff
- Analytical skills & Decision-making skills
- Plan, organize and execution skills
- Basic knowledge of CMMS systems & Proficient Microsoft skills
- Valid Driver's License

Behavioral Skills

- Safety leadership by example
- Strong Supervisory skills.
- Ability to work in developing countries
- Good Interpersonal skills
- Demonstrated team building and mentoring skills
- Strong interpersonal relationship-building skills and adaptability to work with people of different cultures.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Site
- Type of contract: Definite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣቶ የናስ ተስፋሚካኤል ኣስፍሃ ዝተፈቐደሎም ናይ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና ንግዳዊ ትካሎም፡ "ሃረረታ ቤት ትምህርቲ ምምራሕ መኪና "(HARERTA DRIVING SCHOOL) ተባሂሉ ክስመዩሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምዝምዝገብ ነፍልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

---

## ምስጋና



ብምኽንያት ድንገታዊ ዕረፍቲ ወድናን ሓውናን የናታን ክቡርም ዘምህረት ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ዓዲ ተኸሊዛን ዞባ ዓንሰባ ዝቃበርኩምና፡ ገዛና ብምምልላስ፡ ካብ ውሽጥን ካብ ደገን ተሌፎን ብምድዋል ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብና፡ ፈተውትናን የቐንጀልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከም ዝዋጸና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት ክቡርም ዘምህረት

## ምስጋና



ብዕረፍቲ ብልቢ ኣቦና መ/ም ሃብተ ዘርእዝጊ ዳምር ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማም ዝበጻሕኩምና፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ክሳብ ዓዲ ተኸሊዛን ብምኻድ ዝቃበርኩምና፡ ካብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ካብ ወጻኢ ሃገር ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ምሉኣት ስድራቤት

ሪፓርታዥ

# ህዝቢ ሊባን፡ ጾር ሓያሎ ዓመታት ኣራጊፉ



ዳህላክ ነጋሲ
ሰኣላይ ክብሮም ጸሃየ

ሊባን ሓንቲ ካብ ምምሕዳር ከባቢ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ እያ። ህዝቢ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ንሓያሎ ዓመታት ብስእነት ማይ ክሳቐ ከም ዝጸንሐ ይፍለጥ። ኑቲ ናይ ነዊሕ ዓመታት ስቓይ ንምፍታሑ ድማ፡ መንግስቲ ኣብ 2019 ብሚልዮናት ናቕፋ ዝግመት ወጻኢታት ብምስላዕ ካብ ማይ-ኾፋሒ ሻብቆታት ማይ ብምዝርጋሕ፡ ህዝቢ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ማስተርሆት ጽሩይ ዝስተ ማይ ከም ዝረኽብ ሱዑት የረጋገጸ። ኣብ ርእሲ'ዚ'እኹልን ወሓሰን ማይ ክርኽብ ስለ ዘለዎ፡ ብወህደት ሓይልታት ምክልኻልን ህዝብን ዝተሰርሐት ዲጋ ቀድሚ ሓደ ወርሒ ማለት ብዕለት 6 ግንቦት ተመረቓ። ህዝቢ ሊባን ብስእነት እኹልን ጽሩይ ዝስተ ማይን ዘሕለፎ ብደሆታት ኣጥዩቑ ስለ ዝፈልጦ፡ ኑቲ ሕጽረት ንምፍዋስ ብዝተገብረሉ ኑቲ መደብ ከም ዝነቐሎ ይፍለጥ። ብሶላ ሓያል ተወፋይነትን ወህደትን ከኣ ኣብ ውሽጢ ውሱን ኣዋርሕ ማስርሕ ህንጻት ተዛዚሙ።



ኮሚተ ልምዓት መምህር ሰመረ ገብረልኡል



እንጂነር ተመስገን ጎይትኦም

ኣብ ዝሓለፈ ሸዱሽተ ዓመታት፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ኣስታት 11 ዲጋታት ተሃኒጸን ኣለዋ። እታ ብዲጋ ጥምቀት እትፍለጥ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሊባን ዝተሰርሐት ዲጋ፡ ኣብቲ ንኡስ ዞባ ካብ ዝተሃንጻ ዲጋታት ብዕቤታን ወጻኢታትን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ትሰርዕ። ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዕ ሃገርና ዝሰርሓ ዲጋታት፡ ማይ ክዕቑራ ጥራይ ዘይኮና፡ ኣብ ልምዓታዊ ንጥፈታት ዝለዓለ ኣበርክቶ ክህልወን ዓሊመን'የን ዝሃጹ። ብዘይካ'ቲ ብዝምልከቶም ኣካላት ዝካየድ ልምዓታዊ ማሕበራዊ ንጥፈታት፡ እቶም ኣብ ጥቃ ዲጋ ዝቕመጡ ህዝቢ'ውን ተጠቀምቲ ስለ ዝኾኑ፡ ማሕበሮኦም ኣብ ምምሕያሽ ዝለዓለ ተራ ኣለወን። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ኣብቲ ስነስርዓት መመረቕታ ዝተኻየደሉ ዕለት ብርኽት ዝበሉ ሰበሰልጣን፡ እታ ዲጋ ክይተበላሸትን ደብዒ ክይመልእትን ንነዊሕ እዋን ንክትቡ ጥራትን ልምዓታዊ ንጥፈታትን ምእንቲ ክተገልግል ህዝቢ ዕቱብ ምክትታል ክገብር ከም ዘለዎም ብተደጋጋሚ ገሊጾም። ብወገን ህዝቢ ድማ፡ ኑቲ ናይ ሓያሎ ዓመታት ስቓዮም መፍትሒ ኣብ ምንጋስ ልዑል ተሰፋ ዘንበሩላ ዲጋ፡ ንእተፈላለየ መዓላ ከም ዘገልግሎላ ሓቢሮም።

ንለሚ ንሓፈሻዊ ኣሰራርሓ እታ ዲጋ፡ ዝተገብረላ ወጻኢታትን ካልእን ኣመልኪትና ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ዘካየድና ቃለ-መሕተት ከምቕርብ ኢና።

ፈለማ ብዛዕባ ዲጋ ጥምቀት ኣመልኪቱ እንጂነር ተመስገን ጎይትኦም ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ወርሒ ሓምሻይ ዕለት 18 ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባን ካልኦት ሓለፍትን ኣብ ዝተረኽብሉ እምነ መሰረት ከም ዝተነበረላ ብምግላጽ፡ ኣብ ውሽጢ 210 መዓልታት ድማ ማስርሕ ህንጻታ ከም ዝተዛዘመ ይሕብር። እታ ዲጋ ኣብ ውሽጢ ሓጺር እዋን ተሃኒጻ ንኽትዛዘም ወህደት ናይ ኣካላት መንግስቲ፡ ነበርቲ ሊባንን ሓይልታት ምክልኻልን ብቐዳምነት ከም ዝጠቀሱ የብርሁ። "ብኣውራኡ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ሊባን ደኺምና ከይበላ ኩሉ መዓልታዊ ደገፍ ስለ ዘበርከታ፡ የሓና እንቋዕ ሓጎሰክን ክብለን እፈቱ፡" ኢሉ።

እንጂነር ተመስገን ቀጺሉ፡ ቁመት ዲጋ ጥምቀት 18.8 ሜትር ኩይኑ፡ እቲ 17.8 ሜትር ማይ ዝሕዝ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ሓደ ሜትር ድማ ከም ዝፈስስ ይሕብር። ንሱ ወሲኹ፡ ጎድኒ እቲ ዲጋ ብ13.5 ሜትር ጀሚሩ ብ12.7 ሜትሮ ከም ዝተዛዘመ ብምግላጽ፡ ንውሓቱ'ውን ብ17 ሜትር ጀሚሩ ብ85 ሜትር ከም ዝተወደአ ይጠቅስ። ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ተፋሰስ ማይ ታሕተዋይ ንውሓቱ 20.6 ሜትር ክኸውን እንከሎ፡ ላዕለዋይ ንውሓቱ ድማ 23.6 ሜትር ምዃኑ ይገልጽ። ኣሰዒቡ፡ እታ ዲጋ ኣስታት 340,616 ሜትር ኩዩብ ማይ ናይ ምዕቋር ዓቕሚ ከም ዘለዋ ኣፍሊጡ።

እንጂነር ተመስገን ኣሰዒቡ ብዛዕባ መጠን ስራሕ፡ ተሳትፎ ጉልበት ኑዋቕን ሚዛዋለን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ዝርዝራዊ ሓበሬታ፡ "ኣብቲ ዲጋ ዝሃለኸ መጠን እምኒ 6,940.92 ሜትር ኩዩብ ኩይኑ ከም'ኡ'ውን ኣስታት 2,367.26 ሜትር ኩዩብ ሑጻን ኣስታት 1,534,48 መጠን ማይን ሃሊኹ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣስታት 7,177.5 ኩንታል ሲሚንቶ ክቐረብ እንከሎ፡ ካብኡ እቲ 46,5 ኩንታል ከም ዝተረፈ ወይ ዝተመልሰ ይሕብር። ብተወሳኺ፡ ጠቕላላ ድምር ጉልበት ኑዋቕ ኣስታት 7,486 ክኸውን እንከሎ፡ ካብኡ እቲ 71.53% ብሓይልታት ምክልኻል ክሽፈን እንከሎ፡ ዝተረፈ 29.47% ድማ ንሸቢል ሰራሕተኛታት ደቂ ዓዲ ዘጠቓልል እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተሳትፎ ጉልበት ሚዛዋለ እቲ 39.2% ብሓይልታት ምክልኻል ዝተዓመ ኩይኑ፡ 39.5% ብደቂ-ኣንስትዮ ሊባን ክሽፈን እንከሎ፡ ዝተረፈ 21.23% ከኣ ብደቂ-ተባዕትዮ ደቂ ዓዲ ከም ዝተኻየደ ሱዑት የረጋግጽ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ጠቕላላ ባጀት እታ ዲጋ ብዘይ ናይ ሲሚንቶ ኣስታት 19,042,254 ናቕፋ ይግመት።

"ዲጋ ሰሪሕካን ማይ ዓቊርካን ትም ምባል ወይ ኑቲ ዝተዓቑረ ማይ ኢድካ ኣጣሚርካ ምዕዛብ ዘይኮነ፡ ብተግባር ሕርሻዊ ማሕበራዊ ንጥፈታት ክካየድ ይግባእ። ማዕረ-ማዕሪ'ዚ፡ ህዝቢ ብቐጻሊ ኣብ ልዕሊ'ቲ ዲጋ ንዘሎ ቁርጺ መሬት ከትርታት፡ ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን እናካየደ ንውሕስነት ዝተሃንጸት ዲጋ ብትግሃት ክሰርሕ ኣለዎ" ብምባል ኢንጅነር ተመስገን ለበዋኡ የመሓላልፍ።

ኮሚተ ልምዓት ምምሕዳር ከባቢ ሊባን መምህር ሰመረ ገብረልኡል ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ህዝቢ ሊባን ካብ'ቶም ንነዊሕ ዓመታት ብስእነት ማይ ዝተሳቐዩ ህዝቢ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ኣብ እተፈላለየ ኣጋጣሚታት ከም ዝተገለጸ፡ መንግስቲ ማሕበራዊ ፍትሕን ኣገልግሎትን ኣብ ገጠራት ንምርግጋጽ ካብ ዝበሎ ፖሊሲኡ ተበጊሱ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ንህዝቢ'ቲ ዓዲ ፍሉይ ጠመተ ብምሃብ፡ ማስመራት ማይ ካብ ማይ-ኾፋሒ ዘርጊሑ ከም ዝርከብ ይገልጽ። ንሱ ኣሰዒቡ፡ "ምምሕዳር ከባቢ ሊባን ኣብ ምስራሕ'ታ ዲጋ ካብ ዝኹበሮ ገለ ቀድመ-ምድላዋት ምስ እንጠቅስ፡ ምስቲ ዲጋታት ኣብ ምህናጽ ሃብታም ተመኩሮ ዘለዎ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ሎጎ ዓንሰባ ብምምኽኻር ህዝቢ ንልምዓት ወዲቡ። ብድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ምዕዋት'ቲ መደብ ዕዙዙ ኣበርክቶ ክህልወን ዝኽእል ኮሚተታት መሪጹ ንስራሕ ኣበጊሱ። በዚ ከኣ፡ ብመንገዲ ዝተመርጸ ኮሚተ ልምዓት ምትእኽኻብ ባጀት ተጸፊሩን ክሰራሓሉ ተጀሚሩን። ብዘይካ'ዚ፡ ንማስርሒ ዲጋ ዘገልግሉ ዝተፈላለዩ ናውቲታት ከም ዝቐረብ ተገይሩ። ህዝቢ ሊባን ልዑል ሃንቀውታ ስለ ዝነበሮ፡ በቲ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝተላዕለ ደርማስ ሓይሊ እታ ዲጋ ኣብ ውሽጢ ውሱናት ኣዋርሕ ንኽትዛዘም ደረኺት ፈጢሩ እዩ። ብፍላይ፡ ሓያላትን ምቕልላትን ደቂ-ኣንስትዮ እቲ ዓዲ ከኣ ልዑል እጃም ነይርወን። ኣብ ምስራሕ ዲጋ ዝውዕል እኹል እምኒ እውን ኣብ ጥቓ'ታ ዲጋ ስለ ዝርከብ፡ እዚ ኣብ ምቅልጣፍ'ቲ መደብ ዝለዓለ ተራ ተጻዊቱ እዩ። ብመንጽሩ፡ ትሕት ማጠቢ ባጀት፡ እኹል ናይ ምድላው ግዜ ዘይምጽንሑ ከም'ኡ ድማ፡ ኣብ ምስራሕ ዲጋ ዝተደለበ ተመኩሮ ዘይምንባሩ ድማ፡ ገለ ካብ'ቶም ጎሊሖም ዝተራእዩ ብደሆታት ወይ ሕጽረታት እዮም፡" ብምባል ይሕብር።

መምህር ሰመረ ኣሰዒቡ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ካብ ዝበቑ ተወለድቲ ሊባን ከም'ኡ'ውን ካብ ነርቲ ጋሻብርካን ካልኦት መሻርኽትን ንዝተኣከበ መጠን ገንዘብ ብዝርዝር ብምጥቃስ፡ ኣዴታት ሊባን ኣብ ኣርባዕተ ጉጅለታት ብምክፍፋል፡ ንሓያሎ ግዜ ዘቐጸለ ናይ ምሳሕ እንግዶት ንሓይልታት ምክልኻል ከም ዘእንገዳ ይገልጽ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝበቑ ደቂ'ቲ ዓዲ እውን ተመሳሳሊ እንግዶት ከም ዘካየዱ የብርህ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝቕመጡ ደቂ'ቲ ዓዲ ናጻ ናይ ንእሽቶ ተሽከርከርቲ መካይን ሓገዝ ሳላ ዘበርከቱ፡ ኮሚተታት ዕወት ኣኼባታት ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሊባንን መላእ ጋሻብርካን ብምክያድ ሓያሎ ንጽጋስ ከም ዘሰላሰሉ የብርህ።

ንህዝቢ ምምሕዳር ከባቢ ሊባን ንዓመታት ማሕንቖ ኩይኑዎ ዝጸንሐ ጽንም ዝስተ ማይ መፍትሒ ንኽረኽብ፡ መንግስቲ ዓበይቲ መደባት ከሰላሲል ከም ዝጸንሐ፡ ከም ኣካል'ቲ ዝካየድ ንጥፈታት ከኣ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ካብ ማይ-ኾፋሒ ማስመራት ማይ ከም ዝተዘርግሐ፡ ብኡኡ መንጸር ነርቲ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ማስትርሆት ከም ዝረኸቡ ተወላዲ'ቲ ዓዲ ኣቶ ኢያሱ ግርማይ ይሕብር። ብዘይካ'ዚ፡ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ከም ኣብያተ-ትምህርቲ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ፡ ትካል ጥዕናን ካልእን ብምውዳድ ህዝቢ ማሕበሮኡ ንኽመሓየሽ ዝተኻየዱ ንጥፈታት ብምጥቃስ፡ ኣብዚ እዋን ድማ ዲጋ ተሃኒጻ ህዝቢ ብሕርሻዊ ልምዓት ዝዕበየሉ ባይታ ከም ዝተጣጥሐ ይገልጽ። ነርቲ ሊባን ማይ ንምርካብ ንሓያሎ ዓመታት ናብ ሕምብርቲ፡ ቀራናኹዶን ሓበላን ይጓዓዙ ምንባሮም፡ ለሚ ብሶላ ሓይልታትን ምክልኻልን ህዝብን ዲጋ ኣብ ማእከል ዓዲ ብምስርሑ ህዝቢ ከቢድ ሸኸሙ ከም ዝተቓለለ ኣረዲኡ። እታ ዲጋ ተሃኒጻ ኣብ ውሽጢ ኣዋርሕ ክትዛዘም ዝኸኣለት ብሶላ ሓያል ተወፋይነትን ጸንዓትን ኣዘዝትን ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልን ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣባል ባይቶ ዞባ ጋሽ ባርካ ወ/ሮ ኣብርሀት ክብሮም ብወገና ኣብቲ ጽምብል ስነ-ስርዓት መመረቕታ ዲጋ ጥምቀት ተረኺባ ብዛዕባ ኣገዳስነት'ታ ዲጋ ክትገልጽ እንከላ፡ "ምምሕዳር ከባቢ ሊባን ንነዊሕ ዓመታት ካብ ጎረባብቲ ዓድታት ማይ ክትጥቀም ከም ዝጸንሐት ይፍለጥ። ኣብ 2019 ዝጸፍ ባጀት



ወ/ሮ ኣብርሀት ክብሮም



ኣቶ ኢያሱ ግርማይ

ብምስላዕ ካብ ማይ-ኾፋሒ ሻብቆታት ማይ ብምውዳዱ ህዝቢ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክረክብ ባይታ ተጣጢሕሉ እዩ። እንተኾነ፡ ውልቀ-ሰባት ንጥኡ-ርእሶም ክኣልዮም ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ተዋፊሮም፡ ማሕበሮኦም ንኽመሕየሽ ብቐዳምነት ውሕስነት ማይ ክረጋገጽ ኣለዎ። እዚ ስለ ዝኾነ፡ ዝውሕዝ ማይ ብምእካብን ብምውህሃልን ዜጋታት ኣብ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብምስታፍ፡ ኣብ ቀንጠባዊ መዳይ ዘይዳዓቕ ኣበርክቶ ይህልዎም። ከንዲ ዝኾነ፡ ንርሑቕ ዝጠመተ መደብ ብምሕንጻጽ ብወህደትን ተበግሶን ሓይልታት ምክልኻል ከም'ኡ ድማ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝበቑ ደቂ ሊባን ዕወት ስራሕ ተኻይዱ ኣሎ።" ኢላ።





# ስፖርት

ኣብርሃም የውሃንስ

## ብንያም ግርማይ፡ ሎሚ ኣብ ‘ ክላሲክ ብራሰለስ’

ብንያም ግርማይ፡ ሎሚ 8 ሰነ ኣብቲ ኣብ ሃገረ በልጅዩም ካብ ዝካየዱ ውድድራት ካብቶም ዝበለጹ ውድድራት ምዃናም ዝነገረሉ ‘ክላሲክ ብራሰለስ’ ክሳተፍ’ዩ።

ሓለቓ ጋንታ ኢንዘር ማርሸ ዋንትይ ብንያም ግርማይ፡ ድሕሪ ኣብ ብራሰለስ ዘካየዶ ውድድሩ፡ ናይ ብራኽ ልምምድ ንምግባር ናብ ሃገሩ ተመሊሱ ድሕሪ ምጽናሕ’ዩ ኣብዚ ናይ ሎሚ ውድድር ዝሳተፍ ዘሎ። ናይ ዓሚ ዕውት ቀጠልያ ማልያ ዘር ፈረንሳ ብንያም ግርማይ፡ ቅድሚ ዓሚ ኣብዚ ውድድር ተሳቲፉ ራብዓይ ደረጃ ክሕዝ እንከሎ፡ ዓሚ ድማ ካልኣይ ደረጃ ኣትዩ ነይሩ። ብዝሎዎ ወኒ ተመኩሮ፡ ሓደ ካብቶም ዚ ናይ ሎሚ መዓልቲ ውድድር ክዕወተሉ ትጽቢት ዝግበረሎም ተቐዳዳማይ እዩ።

ክላሲክ ብራሰለስ ብ1895 ዝጀመረ ውድድር ኮይኑ፡ ብግዝኡ ቅድድም ብሸለታ ዓለም ማለት ‘ዩሲኣይ’ ናይ ሓደ ነጥቢ ደረጃ ዘሎዎ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር እዩ። ሎሚ ሰዓብት ድማ ንመበል 105 ግዜ ይካየድ ኣሎ።

ናይ ሎሚ ዓመት ክላሲክ ብራሰለስ 205.1 ኪሎሜተር ዝሸፍን ኮይኑ፡ ዓሰርተ ዋቐብን ሓንቲ ረቛረቐ እምኒ (ኮፕል ስቶን) ዝሓዘ መወዳደሪ ባይታ ኣሎዎ።

ናይ ሎሚ መዓልቲ ውድድር ክላሲክ ብራሰለስ ዝሓደም ተጻዋታይ እንተ ዘይተረኽበ፡ ብሓያል ሸኢ ክዛዘም ትጽቢት ይግበረሉ። ብንያም ግርማይ፡ ድሕሪ ናይ ሎሚ ውድድር፡ ጸባሕ’ውን ኣብ ከተማ ብራሰለስ ኣብ ዝካየድ ናይ ሓደ መዓልቲ ውድድር ክጽመድ’ዩ።



## ተካኢ ፖስተኮግሉ መን ኮን ይኸውን?




“ኣብ ካልኣይ ዓመተ'የ ዋንጫ ዝወስድ” ዝብል ሓሳቡ ኣብ ግብሪ ብምውዓሉ ካብ ብዙሓት ኣድናቖት ነም ዝረኸበ ገይርዎ'ዩ ኣንጅ ፖስተኮግሉ። ኣብ ጸንበል ዋንጫ ሊግ ኣውሮጳ (ኤውሮፓ ሊግ) ድማ፡ “ወቕቲ 3 ካብ ወቕቲ 2 ክትብልጽ ኢዩ” ብምባሉ፡ “ንዓመታትኸ እንታይ ከርእናኒ'ዩ?” ዝብል ትጽቢት ወሲኹልና ጸኒሑ። እንተኾነ ንካልኣይ ወቕቲ ኣብ ቶተንሃም እናተጸበናዮ፡ በቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዘመዝገቦ 22 ስዕረት ብምጉዛያ ካብ ሰሜን ሎንዶን ኣብሪራቶ ትርከብ። ድሮ ድማ ተኻእቲ ፖስተኮግሉ ዝኾኑዋ ኣሰልጠንቲ ኣብ ‘ራዳር’ ኣእቲያቶም ትርከብ። መርበብ ሓበሬታ ‘ጐል’ ድማ፡ “ንፖስተኮግሉ መን ይትክኦ?” ዝብል ሕቶ ብምልዓል ዝርዝር ሸሞንተ ኣሰልጠንቲ ኣብ ገጻታ ኣሰፊራ ትርከብ። እቶም ኣብ ዓይኒ ቶተንሃም ክኣትዉ ይኽእሉ'ዮም ዝበሎም ኣሰልጠንቲ፡ ሓደ ከራን ሚኪናን እዩ። ከራን ድሕሪ 2001-02 ንኢፕስዊች ናብ ፕሪመር ሊግ ነም ትምለስ ብምግባሩ፡ ኣብ ራዳር ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ቸልሲ፡ ብራይተን ኣትዩ ነይሩ'ዩ። እንተኾነ ምስ ኢፕስዊች ንኣርባዕተ ዓመት ዘጽንሖ ውዕሉ ብምፍራሙ ናብ ካልእ ክለብ ኣይሰገረን። ሕጂ ግን ኢፕስዊች ናብ ታሕተዋይ ደቪዥዮን ተመሊሳ ብምህላዋ፡ ቶተንሃም ነም ተካኢ ፖስተኮግሉ ክትገብሮ ትኽእል'ያ። ካልእ ኣብ ራዳር ቶተንሃም ክኣቱ ዝኽእል እቲ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2024-25 ንብረንትፎርድ ምስ ቀዳሞት 10 ጋንታታት ክትውድእ ዝገበራ ቶማስ ፍራንክ እዩ። ነም ካልእ ኣማራጺ'ውን እቲ ፖስተኮግሉ ናብ ቶተንሃም ቅድሚ ምምጽኡ፡ ኣሰልጣኒ ቶተንሃም ክኸውን ተሓርዩ ዝነበረ ወዲ 52 ዓመት ብረንደን ሮጀርስ እዩ። ሮጀርስ ምስ ሴልቲክ ብምዃን ሸውዓተ ዋናጫ ብምልዓሉ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዘሎዎ ህጡር ተመኩሮ ኣብ ግምት ብምእታውን ቀዳማይ ተመራጺ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ብዘይካ እዞም ሰለስተ ኣሰልጠንቲ፡ ናይ ቅድም ኣሰልጣኒኣ ዝነበረ ማውሪሽዮ ፖቸቲኖ፡ ቲያጎ ሞታ፡ ኢዲን ተርዚክ፡ ማርኮ ሰልቫ፡ ኣንዶኒ ኢራኦላ እውን እቶም ግምት ዝወሃቦም እዮም።

## ሊቨርፑል፡ ነቲ ኣሰር ኣቡኡ ዝኽተል ዘሎ መንእሰይ ጠለብ ተቐርበሉ

ሊቨርፑል፡ ኣብ ዓመተ ስፖርት 2024-25 ማዕል 20 ዋንጫ ሊግ እንግሊዝ ሰፍሲፋ ደስታኣ ኣብ እተስተማቕረሉ ዘላ እዋን፡ ንዓመታት ኣብ ክሉ መድረኻት ቅድሚት ኮይና ንምቕጻል፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ናብ ሕቑፎኣ ንምምጻእ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣካዳሚኣ ዝርከቡ ተኻእቲ መንእሰያት ናብ ዓባይ ጋንታ ንምስግጋር ትሰርሕ ኣላ።

በዚ መሰረት እዛ ክለብ፡ ኣብ ኣካዳሚኣ ንዝርከቡ ኮንትራቶም ዘብቅዑ ተጻወትቲ ከተፋኑ እንከላ፡ ንኻልኦት ድማ ጠለብ ተቐርብሎም ኣላ። ሓደ ካብዞም ጠለብ ኣቕሪባትሎም ዘላ ተጻዋትቲ እምብኣር፡ ወዱ ነቲ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ምስ ዊጋን ኣትሌቲክስን ሃል ሲትን ብምጽዋት ብቐዓቱ ዘመስከረ ማይናር ፊገኡራ ዝኾኑ፡ ከርል ፊገኡራ እዩ።

ወዲ 18 ዓመት ከርል፡ ኣብ ናይ መንእሰያት፡ ንሃገራዊት ጋንታ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝውክል ክኸውን እንከሎ፡ ንናይ መንእሰያት ጋንታ ሊቨርፑል ብሸሙ 90 ሹቶታት ኣመዝጊቡላ ይርከብ።

ኣድናቒ ደሮግባን ልዊዝ ሰዋረዝን ምዃኑ ዝነገረሉ ከርል፡ ነዚ ሊቨርፑል ኣቕሪባትሉ ዘላ ጠለብ እንተ ተቐቢሉ፡ ንዓመታት ኣሰር ኣቡኡ ተኸቲሉ ኣብ መድረኽ ፕሪመር ሊግ ክንዕዘቦ ኢና። ወላዲ ከርል፡ ማይናር ፊገኡራ፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ ኣብ 200 ጸወታ ክስለፍ እንከሎ፡ ቡታ ኣብ ልዕሊ ስቶክ ሲቲ ካብ ፍርቂ ሜዳ ዘመዝገቦ ሹቶእ ተዘካሪ እዩ።



## ማራቶን ኣስመራ

ካብ ወሸጢን ወጻኢን ዝመጹ ኣትሌታት ዝሳተፉዎ ውድድር ማራቶን ኣስመራ፡ ሎሚ ኣብ ጐደናታት ኣስመራ ክካየድ እዩ።

## ስጳኛ ኣንጻር ፖርትጋል ዶ ዋላስ ያማል ኣንጻር ሮናልዶ?
### ሮናልዶን ያማልን ንፈለማ ግዜ ዝራኸብሉ ግጥም

ሓሙሻተ ግዜ ዕውት ባሎን ደ ኦር ክሪስትያኖ ሮናልዶ፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታ ኔሽንስ ሊግ ሃገሩ ኣብ ልዕሊ ጀርመን ተዓዊታ ክትወጽእ ልዑል ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ። በዚ ኸኣ ፖርትጋል ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ሰጊራ ትርከብ።

ኣብ ንኡስ ዕድመኡ ብዙሕ ታሪኽ ኣብ ምጽሓፍ ዝርከብ ተዓዋቲ ዋንጫ ኤውሮጳ ላሚል ያማል ብወገኑ፡ ኣብቲ ትሽዓተ ሸቶታት ዝተራእዩሉ ግጥም፡ ሃገሩ ስጳኛ ንፈረንሳ ኣዝበርኪኻ ናብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክትሰግር ምስ ገብረ ተራ ተጻዊቱ እዩ።

ናይ ሎሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ድማ ዝበን ክልተ ሃገራት ክራኸባ'ዩ፡ ስጳኛ ምስ ፖርትጋል። ብዙሓት ወገናት ክኣ ርክብ ናይዘን ሃገራት፡ “ያማል ኣንጻር ሮናልዶ” ዝብል ኣርእስቲ ሂቦሞ ይርከቡ። ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ምዝዛም ዝርከብ ሮናልዶን፡ ሓድሽ ታሪኽ ንምጽሓፍ ዝጎየየ ዘሎ ያማልን ኣብዚ ስጳኛን ፖርትጋልን ዘጻዳዱ ግጥሚት ንፈለማ እዋን ክራኸቡ እዮም።

ናይ መጻኢ ንጉስ ኩዕሶ እግሪ እናተባህለ ዝግለጽ ዘሎ ላሚን ያማል፡ ምስቲ በዛሕ ተጻዋታይ ምርኻቡ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ርዱእ'ዩ ከሉም ተጻወትቲ ኣብ ልዕሊኡ ልዑል ኣኽብሮት ኣሎምም፡ ንሱ ብዓል ዝና ኩዕሶ እግሪ'ዩ። ኣነ ስርሐይ ክገብር'የ፡ ስርሐይ ምዕዋት'ዩ ኣኽሎ!” ኢሉ።

ብዛዕባ ያማል ሕቶ ዝቐረበሉ ሮናልዶ ድማ፡ “ላሚን ያማል፡ ጽቡቕ ነገር ይገብር ኣሎ። ተውህቦኡ ይጥቀመሉ ኣሎ፡ ክየቢ ግደፍዎ” ብምባል'ዩ ዘርባኡ ፈሊሙ። ቀጺሉ ሮናልዶ፡ “ብዙሕ ጸቕጢ ኣይትግበሩሉ፡ ንኽየቢ ግደፍዎ፡ ሕጽረት ተውህቦ የብሉን” ኢሉ። ብዛዕባ ናይ ሎሚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ድማ፡ “ምስዕዓብ ዋንጫ ናፊቐ ኣሎኹ። ልክዕዩ ኣብ ኩሉ ኣይትዕወትን ኢኻ፡ ህይወት ከምኡ'ያ። እዚ ኩዕሶ እግሪ'ዩ፡ ንዕውተሉ ግዜ ኣሎ፡ ንስዓረሉ ግዜ'ውን ኣሎ። ሕጂ ግን ሓንቲ ዕድል ኣላትና፡ ሮማጀኛ'የ ኩሉ ጽቡቕ ክኸውን'ዩ፡ ፖርትጋል ድማ ዋንጫ ክተልዕል ኢያ። ልክዕዩ ከቢድ ጸወታ ክኸውን'ዩ ግን ከኣ ዝከኣል'ዩ” ኢሉ።

ኣብዚ ኣብ ከተማ ሙኒክ ኣሊያንዝ ኣሬና ዝካየድ ናይ ፍጻመ ጸወታ እምብኣር፡ ኣብ ጥምጥም ወዲ 40 ዓመት ጉዳምን፡ ሓድሽ ታሪኽ ዝጽሕፍ ዘሎ ወዲ 17 ዓመት ንኡስን መን ተዓዊቱ ይወጽእ? ሎሚ ሰዓት 10 ምሸት ክረአ እዩ።

## ዝልዓሉ ሸሞንተ ተፈራሕቲ ደገፍቲ

ደገፍቲ ኩዕሶ እግሪ ልዑል ስምዒት ዘሎምም እዮም። በቲ ንጋንታታቶም ዝህብዎ ርሱን ደገፍ ከኣ ዝተፈላለዩ'የም። ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ደገፍቲ ብዘጽዋርቶም ዓይነታት ደገፍ ድማ፡ ሓደኛታትን ልኡማትን ተባሂሎም ይከፋፈሉ። መርበብ ሓበሬታ ‘ስፖርትባይብል’ ድማ ንደገፍቲ ብዘጽዋርቶም ባህርያት ካብ ሻሙናይ ክሳዕ ቀዳማይ ሰሪዓቶም ትርከብ።

**8.ብራዚል**

ብራዚላውያን ብኩዕሶ እግሪ ሰብኣት ምዃናም ዝፍለጡ'የም። ንሃገራዊት ጋንትኦም ድማ ሽለል ከይበሉ ደገፎም ይህቡ። እንተኾነ ተጓዳእቲ ብዘይ ምዃናም ኣብ ሻሙናይ ደረጃ ክቕመጡ ክኢሎም።

**7.እንግሊዝ**

እንግሊዛውያን ንሃገራዊት ጋንታኦም ኣብ ዝኸደቶ ቦታ ብምጉዓዝ፡ ብየውታ ብዝህብዎ ደገፍ ዝተፈልጡ'የም። እቲ ኣብ 1970ታት ክሳዕ 1980ታት ዝህብዎ ዝነበሩ ዕቡድ ደገፍ ሎሚ ዳርጋ ኣልዩሞ እዮም። ሓደ ሓደ ግዜ ግን “ተገራጨውቲ” ሳሕቲ ድማ “ተጓዳእቲ” እናተባህሉ ግን ይግለጹዮም።

**6.ፖላንድ**

ፖላንዳውያን ደገፍቲ በቲ ዘርእይዎ ዕግርግርን ባእስን ኣብ ማእከል ተፈራሕቲ ደገፍቲ ክቕመጡ ኸኢሎም ዘለው።

**5.ኣርጀንቲና**

ደገፍቲ ሰለስተ ግዜ ተዓዋቲት ዋንጫ ዓለም ዝኾነት ኣርጀንቲና፡ በቲ ጸዑቕ ደገፎም ዝተፈልጡ'የም። በቲ ዘንበልብልዎ ባንዴራ፡ ዘዘይምዎ ዜማን ዝወቕዕዎ ከበሮን ሃንደበት ጥገ ዝብል ባህርያቶምን ተፈራሕቲ ክኾኑ ክኢሎም። እቶም ተወዳቢም ንሜዳ ዝኣትው ጉጅለ ደገፍቲ ድማ ዚ ኩነታት ዘጉሀፉዎ እዮም።

**4. ኢጣልያ**

ኢጣልያውያን ደገፍቲ ህርመት ልቢ ክለቦቶምን ሃገራዊት ጋንታኦምን እዮም። ጋንትኦም ምስ ትሰዓር ድማ ተጻወትቲ ግድን ይቕሬታ ክሓትምም ኣሎምም። ሃገራዊት ጋንትኦም ኣብ ትገብሮ ጸወታ ቀጻጸር እኳ ዝግበረሎም እንተኾነ፡ ዕግርግር ዝፈጥሩ ጉጅለ ግን ኣለዉም ብምዃን ህውከት ይፈጥሩ'የም።

**3.ቱርኪ**

ቱርኪ ብሓፈሻ ብፍላይ ድማ ኢስታንቡል ቤት ናይቶም ርሱን ስምዒት ዘሎምም ደገፍቲ ብምዃና ሳልሳይ ደረጃ ክሕዙ ክኢሉም ዘለው። ቱርካውያን ደገፍቲ፡ በቲ ዘዘውትሩዎ ተጻናጺ ደገፍን ዝተወደበ ምጉብዕባዕን ዝተፈልጡ'የም።

**2.ሰርብያ**

ሰርብያውያን ኣዝዮም ተፈራሕቲ ደገፍቲ'የም። ንሳቶም ኣብ ዘለውዎ ግጥም በቲ ተጻባኢን ዕግርግር ዘለዎ ባህርያቶምን ብኣኽብሮት ጸጥታ ወርትግ ምስ ተፈርሑ'የም።

**1.ሩስያ**

ሩስያውያን ደገፍቲ፡ ብዝተወደበ ባእሰን ኣቓዲሞ ብዝተወጠነ ቓጻን ዝተፈልጡ እዮም። በቲ ኣብ 2016 ምስ ደገፍቲ እንግሊዝ ዘካየድዎ ባእሲ ድማ ንማስርዕ ተፈራሕቲ ደገፍቲ ኣብ ቅድሚት ብምዃን ይመርሕዎ ኣለው።

## ምርጫ ዣቪ
### ኣብታ ጓርድዮላ ዘሰልጥና ዝነበረት ባርሳ ክህልዉ ዝደልዮም ተጻወትቲ ፕሪመር ሊግ

ዣቪ፡ ኣብቲ ባርሴሎና ብልጹቲ ክለብ ዝነበረትሉን ሃገራዊት ጋንታ ስጳኛ ንመድረኽ ኤውሮጳን ዓለምን ዝተቘጻጸረትሉ ካብ 2008 ክሳዕ 2012 ድንቂ ብቕዓቱ ዘመስከረ ተጻዋታይ'ዩ። እዚ ኣብ ጉድኒ ሜሲን ኢኔስታን ብምዃን ንማእከል ሜዳ ዝተቘጻጸረ ኣካፋፋሊ፡ ኣብታ ናይ ጓርድዮላ ዝነበረት ባርሴሎና፡ ክበቕዑ ዝኽእሉ ዝነበሩ ተጻወትቲ ከይተማዝነኣ ዘርዚሩዎም።

ወዲ 45 ዓመት ዣቪ፡ ምስ ብሉጻት ሰጳኛውያን ሓቢሩ ዝተፈላለየ ዋንጫ ከልዕል ዝኸኣለ ክኸውን እንከሎ፡ ምስ እንግሊዛውያን ተጻወትቲ ግን ናይ ሓባር ማልያ ኣይለበሰን። ዚ ምኽንያት ብምግባር፡ ንሱ ብሉጻት ኢሉ ዝጠቐሶምን ኣብታ ናይ ጓርደዮላ ባርሳ ክጸወቱ ዝኽእሉ ዝበሎም እንግሊዛውያን እዮም ዝሰዓቡ'ዮም፡ ዣቪ ንማስመር ምክልኻል ዝሓረዮም፡ ሪዮ ፈርዲናንድ፡ ሶል ካምፐል፡ ጆን ቴሪ እዮም። ኣብ ማስመር ምክፍፋል፡ ንሪያን ጊግስ (ዌልስ)፡ ፖል ስኮልስ፡ ፓውል ጋስኮን፡ ስቲቨን ጀራርድ፡ ፍራንክ ላምፓርድ ክትሓዝ መሪጹ። ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ድማ ንትዮ ዎልኮት ክሓሪ እንከሎ፡ ንኣጥቃዓይ ድማ ዋይን ሩኒ መሪጹ። ንሩኒ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ “ሩኒ፡ ካብቲ ባርሴሎና እትደልዮ ዝምስሰ ተጻዋታይ እዩ። ኣጸዋውታኡ ብዘይ ጸገም ምስ ናትና ዝሰምዕ'ዩ። እንተኾነ ዩናይትድ ዝበለጸ ተጻዋታይ ክትሰድድ ፍቓደኛ ኣይነበረትን ነቲ ዓውተም ክዉን ዝገበረ ተጻዋታይ እዩ” ክብል ገሊጹ።



### መደብ ጸወታ

ናይ ፍጻመ ጸወታ ኔሽንስ ሊግ
ፖርትጋል- ስጳኛ ሎሚ 10:00 ድ.ቐ